# ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ለንደን
(ሪፖርታዥ)

ኣብ ከተማ ለንደን ብዕለት 09-9-2006 ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ሓምለ 23 ሰጋብ 27 ዝተጋብኣ 6ይ ጉባኤ ኣመልኪቱ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ንዝርከቡ ኤርትራውያን ብኣቶ ኣሰፋው በርሀ ኣባል ፈጻሚ ሸማግለ ሓላፊ ስርርዕዊ ጉዳይ ሰፊሕ መብርሂ ተዋሂቡ።




እዚ ኣኼባ ኣብ ትሕቲ " ፍትሕን ግዝኣተ ሕግን ንህዝቢ ኤርትራ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ እዩ ተኻይዱ። ኣቶ ኣሰፋው በርሀ ብዛዕባ እቲ 6ይ ውድባዊ ጉባኤ ክገልጽ እንከሎ ኣብቲ ጉባኤ ብዛዕባ ሕሉፍ ኩነታትን መጻኢ መደባትን ከምዝተመያየጡ ኣረዲኡ። ኣብዚ ጉባኤ ድማ መጻኢ ኩነታትን መደባትን ብዕምቆት ተገሚገሙ። ብቐንዱ ድማ ኣብቲ ብመሰረታት ዝቐረቡ ርእይቶታት ብምምይያጥ ዝተኻየደ ብሙኻኑ ከም መርኣያ ዲሞክራሲዊ ኣገባብ ምንባሩ ተሓቢሩ። እቲ ዝተገብረ ኣኼባ ግሉጹን ኣሳታፍን ነጻ ተዓዝብቲውን ዝነበርሉ እዩ ኢሉ። እቲ ጉባኤ ፍሉይ ካብ ዝገብረዎ ነገራት ንመጀመርያ ግዜ ተወከልቲ ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ብብዝሒ ዘሳተፈ ኒሩ። እዚ ድማ ንተሳታፍነት ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ንምዕዛዝ ዓብይ ቆላሕታ ዝገበረ ጉባኤ እዩ ክብሃል ከምዝከኣል ገሊጹ።

ካብቲ እቲ ጉባኤ ዝዘተየሎም ቀንዲ ዛዕባታት (ዓናውን):

- ጉዕዞ ውድብ ምግምጋም
- ክውንነት ሃገር ምምዛን
- ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ውድባዊ ቅርጽን ምጽዳቕ
- ሓድሽ ኣወዳድባን

እዚ ጉባኤ ጉዕዞ ውድብ ብዕምቆት ድሕሪ ምግምጋም እቲ ቃልሲ ኣንጻር ዲክታተርያዊ ኣጋጢሞሞ ካብ ዘለው ብድሆታት ሓደ ጉዳይ ተሳታፍነት መንእሰያት ኣዚዩ ድሩት ከምዝኾነን መንእሰይ ሓላፍነት ዝርከብ ወለዶ ከም ምኻኑ ተሳታፍነቱ ክብ ንምባል ኣድላይ ነገራት ንኽግበሩ ተዘቲሉ ኢሉ።

ኣብ ሃገርና ወሪዱ ዘሎ ኩነታት ንኹሉ ሰብ ርዱእ ስለዝኾነ ኣብዚ ዝተወሃበ መግለጺ ኣይተጠቓለለን:: እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ሓቂ ሰለዝኾነ::

ኣብ ሓድሽ ኣወዳድባ ኣቶ ኣሰፋው መግለጺ ክህብ ከሎ እቲ ዝግበር ቃልሲ ከምቲ ዝድለይ ለውጢ ከምጹእ እንተኾይኑ ሓድነት ኣሳታፍነትን ኣብ መንጎ ደምበ ተቓወምቲ ኣገዳሲ ምኻኑ ሓቢሩ:: በዚ ድማ ተ.ሓ.ኤ.-ሰ.ባ. ኣብ 6ይ ውድባዊ ጉባኤ ምስ ተመሳሳሊ ዕላማ ዝተሰከሙ ተመሳሳሊ መርገጺ ዘለዎም ውድባት ናይ ሓባር ሰልፊ ንምምስራት መደብ ተሓንጺጹ ክብል ገሊጹ:: እዚ ድማ ብዘተን ክፉት ልዝብን ክካየድ ከምዘለዎ ሓቢሩ:: ነቲ ውድብ ናብ ሰልፊ ንበይኑ ጥራይ ንምቕያር ከምዘይኮነ ድማ ኣብሪሁ:: እቲ ዕላማ ከምኡ ኒሩ እነተዝኸውን ኣብ ጉባኤ ኣዊጁ ምወጸ ኒሩ ክብል ገሊጹ:: እዚ ውድብ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ናብ ፓርቲ ክሰግር ምኻኑ፡ ከምኡ ድማ ነዚ ንምትግባር ኣጹኒዑ ዘቕርብ ላዕለዋይ ሽማግለ ከምዝተመዘዘ ሓቢሩ::

እቲ ጉባኤ ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ናይቲ ውድብ ብሰፊሕ ተመያይጡን፡ ዲሞክራሲያዊ ኣካይዳ እምነቱን መሰረት ብምግባር ድማ ዘይምእኩል ዲሞክራሲያዊ ምሕደራ ኣብ ኤርትራ ምኽታል ንሃገራና ከርብሕ ከምዝኽእል ገሊጹ:: ካብቶም ካልኦት ዝጠቐሶም ነገራት ብዙሕ ኣብ ሕቶን መልስንውን ደዛረቡ ነገራት ሕቶ መሬት እዩ ኣብዚ ጉዳይ  ተ.ሓ.ኤ.-ሰ.ባ. መሬት ናይ ህዝቢ ምኻኑ ኣረጋጊጹ:: ጉዳይ መሬት በቲ ዲክታተርያዊ ስርዓት ዝግበር ዘሎ ዘይፍትሓዊ ኣካይዳ ኣብ መጻኢ ብሕጊ ዝርኣይ ጉዳይ ኮይኑ በዚ ሕጁ ዝግበር ዘሎ ኣገባብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከቢድ ጸገም ከምዝርከብን መሬት ናይ ፖለቲካ መሳርሒ ከምዝኾነን ገሊጹ::

እቲ መግለጺ ብሰፍሕ ዝበለ መንገዲ ንተሳተፍቲ ድሕሪ ምቕራቡ ሕቶን ለበዋን ንተሳተፍቲ ዕድል ተዋሂቡ::

ካብ ተሳተፍቲ ዝቐረቡ ሕቶታት ብርክት ዝበሉ ከምዝነበሩ ካብኦም ድማ:

*ቅድሚ ናብ ዝኸነ ሕቶ ምቕራብና እዚ መንግሰቲ ቁንዕ ድዩ ኣይኮንን ክንርእይ ኣለና ዝብል ብሓደ ተሳታፊ ቀሪቡ?*

እዚ ድማ እቲ መንግስቲ ቁኑዕ ከምዘይኮነ መሰል ህዝቢ ይግህስ ምህላው ተገሊጹ::

*እቲ ከም ካልኣይ ዝቐረበ ጉዳይ መሬት ናይ መንግስቲ ምኻኑን ብዘይሕጋዊ ዝተወሰደ መሬት ክስሓብ እዩ ክብሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ ዝብል ኒሩ?*

እዚ ድማ እቲ መንግሰቲ ንፖለቲካ መሳርሒ ይጥቀመሉ ኣሎ ዝብል ኮይኑ እቲ ጉዳይ መሬት ድማ ብሕጊ ዝተሓዝን ዝፍታሕን ምኻኑ ተሓቢሩ::

*እቲ ሳልሳይ ሕቶ ድማ ሕጽር ብዝበለ ካብ ተሳተፍይ ዝቐረበ ኢሳያስ ጥራሕ ዘይኮነስ እተን ተቓወምቲ ውድባትውን ሃሰያ የብጽሓ ከምዘለዋ ገሊጹ:: ብዛዕባ ኣብ ውድባት ዘሎ መፍንጫል ኮይኑ እዚ ምፍንጫላት ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ*

*የዳኸም ከምዘሎን ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ. ምስቶም ካብኡ ዝተፈንጨሉ በረኣእያ ተመሳሳልነት ዘለዎም ምርድዳእን ዕርቂ ክገብር ተላብዮም፣ ብተወሳኺ ድማ ምስ ኣቶ መሰፍን ሓጎስ ርክብ ይግበር ኣሎ ዝብል ሓሜታ ንሰምዕ ኣለና ኢሎም ብተወሳኺ ኣቶ መስፍን ኣብ ለንደን ኣብ ዝተገብረ ዓብይ ሰላማዊ ሰልፊ ንኸሳተፍ ጸዊዕናዮ ኣይመጸን ዝብል ካብ ትዕዝብቱ ሓደ ተሳታፋይ ገሊጸም?*

ነዚ ዝተወሃበ መልሲ ድማ ብርግጹ ናይ ውድባት ምፍንጫል ነቲ ዝድለይ ለውጢ ከይመጽእ ዓንቕፋት ኮይኑ ከምዘሎን ሕጂ ግን ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ. በቲ ሓንጺጽዎ ዘሎ ምስ ካልኦት ብምሕባር ነቲ ዝድለይ ለውጢ ንምምጻእ ነቲ ጸገማት ኣለልዩ ይሰርሕ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ብዛዕባ ምስ ኤ.ዲ.ፒ. ዝግበር ዝተብሃለ ብርግጽ ርክባት ብዙሕ ከምዝተገበረን እዚ ድማ ብሓባር ንምስራሕ ዘኽእለና ናይ ሓባር ምርድዳእ ንምብጻሕ ከምዝኾነን እቲ ዝብሃል ካልእ ነገራት ግን ብወገና ንፈልጦ ነገር የለን ተባሂሉ።

*ሕቶታት ብምቕጻል ድማ ብዛዕባ እዚ ሎሚ ዝርኣይ ዘሎ ጉዳይ ሰደተኛታትን ኣብ ርእሲኦም ዝበጽሖ ዘሎ ጸገማት ብወገን ኪዳን እንታይ ይግበር ከምዘሎን ክግበሩ ዝኽእሉ ተኽእሎታት ብተሳተፍቲ ቀሪቡ*

ከም መልሲ ዝተወሃበ ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ. ስጋብ እዚ ግዜ ብዙሕ ጻዕርታት ይገብር ከምዘሎን ቅድም ክብል ድማ ሰጋብ ኣብ ኢትዮጲያ ዘለው ምብጻሓት ከምዝተገብረን ኣብ ማልታውን ቅድሚ ሕጂ ጻዕርታት ከምዝተገብረ ተገሊጹ። ሕጂውን ኣድላይ ምድግጋፋት ይግበር ከምዘሎ መብርሂ ተወሂቡ። ኣብቲ ዝቐረበ ሓሳብ ምርኩስ ብምግባር ድማ ብሸነኽ ምሁራትን ክኢላታትንውን ነዚ ጸገም ንምፍታሕ ጻዕርታት ክግበር ከመዘለዎ ተገሊጹ።

እቲ ዘተን መግለጹን ኣዝዩ ዘበረታትዕን ግሉጹነት ዝነበሮን ኣሳታፍን እዩ ኒሩ። ተሳተፍትውን ሕቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

'' ***ፍትሕን ግዝኣተ ሕግን ንህዝቢ ኤርትራ***''